**ስኒት ፈቲቫል ኤርትራ**
**ደንቨር፣ ኮሎራዶ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ**
**04-08 ሕምለ 2018**

**ንኤርትራዊ ከውንነት ብምንጽብራቕ (ዓንቀጽ 31-14) ዝቐረበ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት**

**መቕድም**

- ምቕባል እቲ ምስ ኩሎም ደቂሰባት ዝፍጠር ክብረትን ማዕረን ዘይሕከኽን መሰልን ከም መሰረት ናጽነት ፍትሕን ሰላምን ዓለም ብምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ፡
- ናይ ካልኦት ሰባት መሰላት ሸለል ምባልን ምንዓቕን፡ ከም ውጽኢቱ፡ ናብ ሕልና ኣልቦ ኣሬሜናዊ ተግባራት ዝወሰድ ብምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታውን፡ ምስ ጊዜ ዝተረጋገጸ፡ ደቂ-ሰባት እቲ ዝለዓለ ዝብህግዎ እንተሎ መሰል ናይ ምዝራብን እምነትን ናጽነት ከም ልቦም ክገብርዎ/ክቋደስዎ፡ ካብ ፍርሒ ናጻ ክኾኑን ናጻ ድሌታት ክህልዎም እንክሎን ብምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታዉን፡
- ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ፡ ዕልዋ ኣንጻር ምልክን ጭቆናን ከካይድ እንተዘይ መሪጹ ወይ ተደፋፊኡ፡ ሰብኣዊ መስላቱ ብግዝኣተ ሕጊ ክሕለወሉ ኣድላዩ ብምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ፡
- ኣብ መንጎ ሃገራት/ሕብረተሰባት ምሕዝነታዊ ዝምድናታት ምድንፋዕ ኣድላዩ ብምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ፡
- ኣህዛብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ'ቲ ቅዋሞም ደጋጊሞም ዘረጋገጽዎ፡ ገስጋስ ሕብረተሰብ ንምድንፋዕን፡ ብዝሓሸ ደረጃ ናብራ ኣብ ዝሓሸ ናጽነት ክህልዉን እቲ ወሳኒ እምነቶም ኣብ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣብ ክብረትን ኣገዳስነትን ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከምኡ'ውን ኣብ መሰል ማዕርነት ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ብምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ፡
- ኩለን ኣባል ሃገራት፡ ምስ ሕቡራት ሃገራት ብምትሕብባር፡ ምኽባርን ምዕቃብን ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታውያን ናጽነታትትን ንኽረጋገጽ ብገዛእ ርእሰን መብጽዓ ዝኣተዋ ብምዃነን ኣብ ግምት ብምእታው፡
- ነዞም ኣብዚ ኣዋጅ ተዘርዚሮም ዘለዎ መሰላትን ናጽነታትን ከምቲ ተባሂሉ ዘሎ ናብ ግብሪ ክትርጎሙ/ክውዕሉ እንተኾይኖም ሓባራዊ ርድኢት ቀንዲን ኣገዳሲን ብምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ፡

ስለ ዝኾነ፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት ንኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ከም ናይ ሓባር መዐቀኒ/መምዘኒ መሰላትን ናጽነታትን ንናይ ኩሎም ህዝብታትን ሃገራትን ክኸዉን ብምእዋጅ፣ ኣብ መጨረሻ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብን ሕብረተሰብን፡ ነዚ ኣዋጅዚ ብቐጻሊ ኣብ ኣእምሮኡ ክሕዞ፡ ብምምሃርን ምስትምሃርን ድማ ነዞም መሰላትን ናጽነታትን ንኽኽበሩ ክጽዕር፣ ብደረጃ ሃገርን ዓለምን ኣብ መንጎ ኣባል ሃገራት ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ግዝኣተን ንዝመሓደሩ ሰባትን ኣድማሳዉን ውጽኢታዊን ዝኾነ ምኽባርን ምዕቃብን ንኽህሉን ከውሕስ ኣጽዲቕዎ።

**ዓንቀጽ 1**

ኩሎም ሰባት ምስ ነጻን ማዕረን ዝኾነ ክብረቶምን መሰሎምን ዝተፈጥሩ እዮም። ዘመዛዝን ኣእምሮን ሕልናን ዝተዓደሉ'ውን ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ብመንፈስ ሕውነት ክቀራረቡ ይግባእ።

**ዓንቀጽ 2**

እዞም ኣብዚ ኣዋጅ ተዘርዚሮም ዘለዉ መሰላትን ናጽነታትን ንዝኾነ ሰብ ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ፡ ከም ብሄር፡ ሕብሪ፡ ጾታ፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ ፖለቲካዊ መርገጺ ወይ ካልእ ኣረኣእያ፡ መበቆል ዓዲን ሕብረተሰብን፡ ሃብቲ፡ ትውልዲን ካልእ ደረጃን ብዘየገድስ ብማዕረ ይምልከተኦምን ይብጽሖምን። ኣብ ልዕሊ'ዚ፡ ፖለቲካዊ፡ ሕጋዊ ወይ ዓለም-ለኻዊ ኩነታት እታ እትብጽሖ ሃገር ወይ ግዝኣት፡ ማለት ነጻ ድያ ኣብ ትሕቲ ሞግዚትነት፡ ወይ ነብሳ ዘይተማሓድር ወይ'ውን ኣብ ትሕቲ ድሩት ዝኾነ ልኡላውነት ትሃሉ ብዘየገድስ ዝኾነ ሰብ፡ ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ክግበረሉ ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 3**

ዝኾነ ሰብ መሰል ምንባር፡ ናጽነትን ድሕነትን ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 4**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ከም ባርያ ወይ ጊላ ክትሓዝ ፈጺሙ ኣይግባእን። ግሊያነትን ንግዲ ግሊያን/ባሮትን ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ክውገድ ይግባእ።

**ዓንቀጽ 5**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ንስቅያት ወይ ጭካነ ፡ ኢሰብኣዊ ወይ ሕስረት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ወይ ኣቀጻጽዓ ክቃላዕ ኣይግባእን።

ዓንቀጽ 6

ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ዝኸደ ኸይዱ ወይ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከም ሰብ ክፍለጥ ይግባእ።

**ዓንቀጽ 7**

ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ድማ ሕጊ ብማዕረ ክከላኸለሎም ግብኦም እዩ። ኩሎም ሰባት ካብ ዝኾነ ይኹን ነዚ ኣዋጅ ዝጥሕስ ኣድልዎን ኣድልዎ ከለዓዕል ዝኽእል ኩነታትን ሓለዋ ናይ ምርካብ ማዕረ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 8**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ነቲ ቅዋም ወይ ሕጊ ዝነብረላ ሃገር ዘፍቅዶ መሰረታዊ መሰላት ምግሃስ ምስ ዘጋጥሞ ብብቑዕ ዝኾነ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ግቡእ ካሕሳ ክረክብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 9**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዘይ ሕጊ ክእሰር፡ ክዳጎን ወይ  ካብ ሃገር ክስጎግ ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 10**

ዝኾነ ይኹን ሰብ መሰሉን ግቡኡን ንምርግጋጽ ከምኡ'ውን ንዝቐርበሉ ዝኾነ ይኹን ገበናዊ ክሲ ብነጻን ርትዓውን ዝኾነት ቤት ፍርዲ ጉዳዩ ብማዕረ ብግሉጽ ክስማዕ ምሉእ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 11**

(1) ብዘቕጽዕ ገበን ዝተኸሰሰ ዝኾነ ይኹን ሰብ ምሉእ ብምሉእ ነብሱ ክከላኸለሉ ኣብ ዝክእል ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ገበነኛ ምዃኑ ክሳብ ዘይተረጋገጸ ከም ንጹህ ይቑጸር።

(2) ዝኾነ ይኹን ሰብ ዝኾነ ይኹን ተግባር ምስ ዝፍጽም ወይ ምስ ዘይፍጽም እሞ ድማ እቲ ዝበሃል ዘሎ ተግባር ኣብ ዝተፈጸመሉ ወይ ዘይተፈጸመሉ ግዜ ኣብ ሃገራዊ ይኹን ኣህጉራዊ ሕጊ ከም ዘቕጽዕ ዘይሰፈረ ምስ ዝኸዉን ከም ገበነኛ ኣይውሰድን። ከምኡ'ውን ዝወሃብ መቕጻዕቲ እቲ ገበን ኣብ ዝተፈጸመሉ እዋን ነቲ ገበን ተወሲኑ ካብ ዝነበረ ዝኸብድ መቕጻዕቲ ክኸዉን ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 12**

ኣብ ናይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ውልቃዊ ህይወት፡ ስድራቤት፡ ገዛ ወይ ርክባት ካብ ሕጊ ወጻኢ ጣልቃ ምእታዉን  ስምን ክብረትን ሰብ ምጽላምን ኣይግባእን። ዝኾነ ይኹን ሰብ ካብ ከምዚ ዓይነት ጣልቃን ጸለመን ሕጊ ክኸላኸለሉ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 13**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ውሽጢ ዝነብረላ ሃገር ብናጽነት ክንቀሳቐስን ክቕመጥን መሰል ኣለዎ።

(2). ዝኾነ ይኹን ሰብ ካብ ዝኾነት ሃገር፡ እንከላይ ካብ ሃገሩ፡ ክወጽእን ናብ ሃገሩ ክምለስን መሰል ኣለዎ።

(3) ኤርትራውያን ስደተኛታት ብፍቓዶም ናይ ዓዶም ክምለሱ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 14**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ሃገሩ ካብ ዝወረዶ ጭቆናታት ኣምሊጡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዑቕባ ክሓትትን ክረክብን መሰል ኣለዎ።

(2). ምስ ፖለቲካ ዘይተሓሓዝ ገበን ወይ ኣንጻር ዕላማታትን መትከላትን ውዱብ ሕቡራት ተግባራት ምስ ዝፍጸም ግን እዚ መሰል እዚ ዘይከሀልዎ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 15**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ዜግነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

(2). ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዘይ ሕጊ መሰል ዜግነት ክሕረምን መሰል ምቕያር ዜግነት ክኽላእን ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 16**

(1). ዓቕሚ ኣዳምን ሄዋንን ዝበጽሑ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ንስትዮን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣብ ዓሌት፡ ዜግነት ወይ ሃይማኖት ዝተመርኮሰ ገደብ ክምርዓዉን ስድራቤት ክምስርቱን መሰል ኣለዎም። ንመርዓ፡ ሓዳርን ፍትሕን፡ ደቀንስትዮኦም ደቂተባዕትዮኦም፡ ማዕረ ዝኾነ መሰል ኣለዎም።

(2). ሓዳር ብስምምዕን ምሉእ ድሌትን ተጻመድቲ ጥራይ ይፍጸም።

(3). ስድራቤት እታ ባህርያዊትን መሰረታዊትን ጉጅለ ናይ ሕብረተሰብ ኮይና ብሕብረተሰብን ሃገርን ውሕስነት ይወሃባ።

**ዓንቀጽ 17**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ እንተ ብብሕቱ እንተ ምስ ማሕበር ብምኧን ንብረት ክውንን መሰል ኣለዎ።

(2). ዝኾነ ይኹን ሰብ ዝውንኖ ንብረት ብዘይሕጊ ክሕደግ ኣይግባእን።

(3) ዋንነት መሬት ናይ መበቆላዊት ዓዲ ኮይኑ፡ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ መሬት ናይ ምውናን መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 18**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ናጽነት ምሕሳብ፡ ሕልናን እምነትን ኣለዎ። እዚ መሰል እዚ፡ ንምቕያር ሃይማኖት ወይ እምነት ከምኡ'ውን እንተ ብውልቂ እንተ ብእኩብ፡ ኣብ ብሕቱ ይኹን ኣብ ኣደባባይ፡ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ከስተምህር፡ ከተግብር፡ ከምልኽን ክዕቅብን ዘለዎ ናጽነት የጠቓልል።

**ዓንቀጽ 19**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ሓሳባትን ርእይቶን ናይ ምግላጽ ነጻነት ኣለዎ። እዚ መሰል እዚ፡ ብዘይ ዝኾነ ጸቕጢ፡ ርእይቶ ምዕቃብ ብዝኾነ መራኸቢ ብዘሃን ድማ ሓበሬታን ሓሳባትን ናይ ምእላሽን ምቕባልን ምሃብን ናጽነት የጠቓልል።

**ዓንቀጽ 20**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ሰለማዊ ምትእኽኻብን ማሕበር ናይ ምቛምን ናጽነት ኣለዎ።

(2). ዝኾነ ሰብ ናይ ዝኾነ ማሕበር ኣባል ክኸዉን ኣይግደድን።

**ዓንቀጽ 21**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ብቐጥታ ይኹን ብነጻ ዝመረጾም ወከልቱ ኣቢሉ፡ ኣብ መንግስቲ ታራ ክጻወት መሰል ኣለዎ።

(2). ኩሉ ሰብ ህዝባዊ ኣገልግሎታት ሃገሩ ብማዕረ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

(3). ድሌት ህዝቢ መሰረት ስልጣን መንግስቲ ክኸዉን ይግባእ። እዚ ድሌት እዚ ድማ ንኹሉ ብማዕረ ዘሳትፍ፡ ብስሩዕ ግዜ ዝካየድ፡ ስቱር ወይ ናጻ ኣገባብ ኣደማምጻ ዝኽተል ብቕኑዕ ምርጫ ክግለጽ ይግባእ።

**ዓንቀጽ 22**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ከም ኣባል ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ውሕስነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ብተወሳኺ ብደረጃ ሃገር ብዝግበር ጻዕርን ምስ ኣወዳድባን ዓቕሚን ሃገር ዝሳነ ናይ ኣህጉራዊ ትካላት ምትሕብባርን፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ክብረትን ነጻ ምዕባለን፡ ኣዝዩ ኣድላዪ/መሰረታዊ ዝኾነ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊን መሰላት ክረክብ ይግባእ።

**ዓንቀጽ 23**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ክሰርሕ፡ ስራሕ ከማርጽ፡ ኣብ ፍትሓዊን ምቹእን ዝኾነ ሃዋሁው ክሰርሕን ካብ ሽቕለት ኣልቦነት ክናገፍን መሰል ኣለዎ።

(2). ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ንሓደ ዓይነት ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

(3). ዝኾነ ዝሰርሕ ሰብ ንነብሱን ስድራቤቱን ክብረት ብዘለዎ ንምእላይ ዘኽእሎ ፍትሓዉን ዝድገፍን መንገዲ ኽኽፈል፡ እንተ ዘይኮይኑ ድማ ብመገዲ ማሕበራዊ ድሕነት ክሕገዝ መሰል ኣለዎ።

(4). ዝኾነ ይኹን ሰብ ረብሓታቱ ዝጣበቓ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ከቕዉምን ኣባል ክኸዉንን መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 24**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ዕረፍትን ምዝናይን ዘለዎ፡ ምስ ቅቡል ዝኾነ ሰዓታት ስራሕን ኣብ ስሩዕ ባዓላት ድማ ዝኽፈለሉን ስራሕ ክህልዎ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 25**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ንነብሱን ስድራቤቱን ዝበቕዕን ከም መግቢ፡ ልብሲ፡ መንበሪን ሕክምናዊ ክንክንን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዘጠቓለለን ጥዑይን ሕጉስን ዘለዎ ደረጃ ናብራ ክህልዎ መሰል ኣለዎ። ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ስእነት ስራሕ፡ ሕማም፡ ስንክልና፡ ፍትሕ፡ እርጋን ወይ መነባብርኡ ንኽመርሕ ካብ ቁጽጽሩ ወጻኢ ዝኾነሉ ኩነታት ምስ ዘጋጥሞ ውሕስነት ክህልዎ መሰል ኣለዎ።

(2). ኣዴታትን ህጻናትን ፍሉይ ክንክንን ሓገዝን ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ኩሎም ህጻናት፡ ብሕጋዊ ይኹን ብዘይ ሕጋዊ መርዓ ዝውለዱ፡ ሓደ ዓይነት ማሕበራዊ ድሕነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 26**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ዕድል ትምህርቲ ክረክብ መሰል ኣለዎ። ትምህርቲ እንተዉሓደ ኣብ መባእታን መሰረታዊን ደረጃ ብነጻ ክወሃብ ኣለዎ። መባእታዊ ትምህርቲ ንኹሉ ሰብ ግድነት ክወሃብ ኣለዎ። ብሓፈሻ ተክኒካዉን ሞያውን ትምህርቲ ክህሉን ዕድላት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ድማ ብመሰረት ብቕዓት ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ክወሃብን ኣለዎ። ንሞያ መሪሕነት ዘማዕብላ ትካላት ክልዋ ኣለወን።

(2). ትምህርቲ ንምሉእ ምዕባለ ሰብኣዊ መንነትን ንምሕያል ኣኽብሮት ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናጽነታትን ዝዓለመ ክኸዉን ኣለዎ። ብተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ መንጎ ኩሎም ህዝብታት፡ ዓሌታት ወይ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ምርድዳእ፡ ተጻዋርነትን ምሕዝነትን ዘማዕብል ክኸዉን ኣለዎ።

(3). ወለዲ ደቆም ዝመሃርዎ ዓይነት ትምህርቲ ናይ ምምራጽ መሪሕ ታራ ክጻወቱ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 27**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ባህላዊ ህይወት ሕብረተሰብ ብነጻ ክሳተፍ፡ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ከስተማቕርን፡ ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ ምዕባለ እጃሙ ከበርክትን፡ ተጠቃሚ ክኸዉንን መሰል ኣለዎ።

(2). ዝኾነ ይኹን ሰብ ሞራላዉን ንዋታዉን ረብሓታት ውጽኢት ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራቱን ስነ-ጽሑፋዊን ስነ-ጥበባዊን ፍርያቱን ክሕለወሉ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 28**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብዚ ኣዋጅ ሰፊሮም ዘለዎ መሰላትን ናጽነታትን ብምሉኦም ኣብ ግብሪ ክትርጎምሉ ዘኽእል ማሕበራዊን ዓለምለኻዊን ስርዓት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 29**

(1). ዝኾነ ይኹን ሰብ ብነጻን ምሉእ ዓቕሙን ክእለታቱን ብዘፍቀደሉ ኣብ ሕብረተሰብ ሓላፍነት ክወስድ ግብኡ ይኸውን።

(2). ዝኾነ ይኹን ሰብ መሰላቱን ናጽነታቱን ኣብ ዝጥቀመሉ እዋን፡ ኣብ ዴሞክራስያዊ ሕብረተሰብ ፍትሓዊ ዝኾነ ጠለባት ስነ-ምግባር ንምምላእ፡ መሰላትን ናጽነታትን ካልኦት ሰባት ንምርግጋጽን ስርዓትን ድሕነትን ህዝቢ ንምውሓስን ተባሂሉ ብሕጊ ካብ ዝተወሰነሉ መሰላትን ናጽነታትን ክሕረም ይኽእል።

(3). እዞም መሰላትን ናጽነታትን እዚኦም ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣንጻር ዕላማታትን መትከላትን ሕቡራት ሃገራት ክትግበሩ ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 30**

ዝኾነ ካብዞም ኣብዚ ኣዋጅ ተኻቲቶም ዘለዎ መሰላትን ናጽነታትን ብሃገር፡ ጉጅለ ወይ ውልቀሰብ ደረጃ ንምጥሓሶም ዝዓለመ ንጥፈታት ወይ ተግባራት ንኽጽመድ መሰል ከም ዘለዎ ብዘስምዕ ቃና ወይ ብዝእንፍት መገዲ ክቱርጎም ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 31**

ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ፡ ምንጪ መሰረታዊ ጸገማት ኤርትራ ብኹረት "ፍትሒ" (ፖለቲካው፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ምሕደራዊ፣ ወ.ዘ.ተ.) ምዃኑ ምቕባል ይግብኦ። ስለዝኾነ፡ መሰረታዊ መፍትሒ ጸገማት ኤርትራ ካኣ ኣብ ኤርትራ "ፍትሒ" ከምዝነግስ ምግባር ኢዩ ኢሉ ኩል ኤርትራዊ ክኣምን ይግባእ።

**ዓንቀጽ 32**

ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ (ሰብ ይኹን ትካል)፡ ልዕልና-ሕጊ (Rule of Law) ክኽብርን ንልዕልና-ሕጊ ተገዛኢ ክኸውንን ይግብኦ።

**ዓንቀጽ 33**

(1) ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዛሓ (Plural Society) ሕብረተ-ሰብ ከምዝኾነ ክኣምንን ንብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ክኽብርን ይግብኦ።
(2) መንግስቲ ንሕቶ መንነት (ቀቢል፣ ነገድ፣ ብሐር፣ ኣውራጃ፣ ወ.ዘ.ተ.) ዝውስን ቅጥዒ ይኹን መለክዒ ከውጽእ ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 34**

ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ (ውልቀ-ሰብ ይኹን ጉጅለ)፡ ምብሓት ወይ'ውን ምዕብላል ኣብ ርእሲ ውጽኢት ናይ ዝግበር ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ክገብር ኣይግባእን፡ ኣብ "ናይ ልፍንቲ መንግስቲ" ምእማን'ውን ይግብኦ።

**ዓንቀጽ 35**

ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ (ውልቀ-ሰብ ይኹን ጉጅለ)፡ ኩለን ቓንቓታት ኤርትራ ከም ሃገራዊያን ቓንቓታት ክቅበለንን ክኽብረንን ይግብኦ። ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ብቕዋሙ ኣቢሉ ዝውስን፡ ትግሪኛን ዓረብኛን ካኣ ከም ናይ ስራሕ ቓንቓታት ኮይነን ንኽገልግላ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ክቅበለን ይግብኦ።